Läusecrew der Stadt Thun
Regula Heubach-Traxler,Läuzeverantwortliche
Regula.heubach@bluewin.ch,

## ቁማል ርእሲ።

www.thun.ch/gesundheitsdienste

ቁማል ርእሲ ሓደ ክነፍር ዘይክእል 3 እግርን ማምጠጢ ደምን ዘለዎ ሓሰኻ እዩ። ጫፍ እግሩ ድማ ጭኻሮ ይመስል። ብኡኡ ድማ ኣብ ጸጉርና ቀጥ ኣቢሉ ሐዚ ይንቀሳቐስ። ቁማል ርእሲ ኣብ ጸጉርና ክሓኽሩ ይኽእሉ, ክነፍሩን ክሕንብሱን ግን ኣይክእሉን።
ቁመት ናይ ዝነ ወሑ ቁማል ካብ 2.5-3.5 ሚሜ ይበጽሕ። ሽፋን ቁማል ተለዋዋጣይ ጻዓዳ፣ ሓመኽሽታይ፣ ወይ ድማ ቡናዊ ክኸውን ይኽእል። ሕብሪ ቁማል ነቲ ጸጉሪ ይመሳሰል ። ቁማል ደምምስ ማጠጠ ይቅይሕ።
ምኽንያቱ ደምምስ ማጠጢ እቲ ሽፋን ናይቲ ቁማል, በቲ መሙላለፊ ማሕቐቒ ደም ስለ ዝቕባእ።

ቑማል ርእሲ ካብ ናይ ወዲሰብ ጸጉሪ ርእሲ እዩ ዝፍጠር። መበዛሕትኡ ጊዜ ድማ ኣብ ናይ ድሕሪት ርእስና፣ ኣብ ድሕሪት ክሳድና፣ ኣብ ድሕሪ እዝንና ፣ ወይ ድማ ኣብ መዲቀሲና ይርከቡ።
ቁማል ርእሲ ኣብ ወሽጢ 2-4 ሰዓት ዘሎ ግዝየ ሓድሽ ደም ይማጡ። ብተዛማዲ ድማ ካብቲ ላዕለዋይ ቆርብትና ነኹሶም ደም ይማጦም ፎረፎር ክፈጥር ዝኽእል Toxin ( ቶክሲን ) ይገድፉልና።

ዕድመ ተባዕታይ ቑማል 15 መዓልቲ ክኸውን ከሎ, ናይ ጓል ኣንስተይቲ ድማ ካብ 30 – 40 መዓልቲ ይበጽሕ።
ቑማል ርእሲ ካብ 28 – 32 ዲግሪ ዘሎ መቐት ብዝበለጸ ይነብሩ።
ቑማል ብዘይ ምምጣጥ ደም ክሳብ 3 መዓልቲ ክነብር ይኽእል።
ቑማል ርእሲ ናይ ሞሉእ ዓለም ሽግር እዩ። ኣብ ኩሉ ቆዋምን ማሕበራዊ ሕይወት ዘልዎ ቦታን ድማ ይፍጠሩ።
ብምኽንያት ኣብ ማሕበራዊ መ ባብሮና ዝግበር ሓያል ምንቅስቓስን፣ ብብዝሒ ጉዕዞን፣ ስደትን ድማ ኣብዞም ዝሓለፉ ዓመታት ናይ ቑማል ዎራር ተራእዩ።
ኣብዚ ቦታና ቁማል ብብዝሒ ኣብ ድሕሪ ናይ ተማህሮ ዕርፍቲዮም ዝረኣዩ። ቁጽሮም ካብ 60 - 100 መበዛሕታኡ ምቆልዑ ካብ 5 –11 ዝዕድሜኦም ድማ ብቁማል ይልከፉ።
ቁማል ኣለካ ማለት ድማ ጽርየት የብልካን ማለት ኣይኮነን።
መዓልታዊ ጸጉሮም ዝሕጸቡ ቆልዑውን ብቁማል ክልከፉ ይኽእሉዮም።

## ኣፈጣጥራ ቁማል።




## ጪብ።

ጪብ ናይ ቁማል ርእሲ እን ቛቑሖ እዩ። ሓደ ቁማል ኣብ መዓልቲ ካብ 3-8 እንቛቑሖ ይወልድ። ኣብ ምሉእ ዕድሜኡ ድማ ብግምት ካብ 100-300 እንቛቑሖ ኣብ ጸጉሪ ዘልዎ ቦታ ይፍጠር።

ጭብ ናይ እንቛቑሖ ዝመስል ቅርጺ ዘለዎ ቁመቱ ድማካብ 0.4 -1 ሚሜ እዩ። ጭብ ብርሀ ኢሉ ንፎረፎር ዝመስል ግን ካብ ጸጉሪ ብቐሊሉ ዘይለቅቕ ( ዘይረግፉ) እንቛቑሖ እዩ።

## ምትሕልላፍ።

ብቐዳምነት ርእሲ ሰብ ምስ ርእሲ ሰብ ብቐጥታ ምስ ዝራኸብ ምትሕልላፍ ጭብ ዝፍጠር ።
ብተዘዋዋሪ ወን ብምጋዲ ማዛርገፍ፣ ቆብዕ፣ መኣሰር ጸጉሪ፣ ከሜኡ ወን ብብራሽ ፣ ይመሓላለፍ።
ጭብ ብናይ እንስሳ ዘቤት ኣይመሓላለፍን።

## ሓባሪ ( ምልክት )።

- መብዛሕታኡ ጊዜ ( ናይ ግድን ኣይኮነን )ብምኽንያት እቲ ቁማል ክጠፉእ ከሎ ዝገድፎ ጥፍጣፍ፣ ተረፍ ርስሓት፣ ዕፋፊት ናይ ቁማል፣ ዳሕረዋይ ክሳድና፣ ዳሕረዋይ ርእስና፣ ዳሕረዋይ እዝንና ፣ ብፎሮፎር ተነ ቀፍቲ እዮም።
- ብቀጻሊ ምሕካኽ ምቅያሕ ኣብ ዳሕረዋይ ክሳድና ይፍጠር።
- ሓደ ሓደ ጊዜ ሕበጥ ኣብ ክፋል ( Lymphknoten ) ሊምፍክኖተን ይሓብጠና።

## ኣገባብ ኣደላልያ ቁማል ርእሲ፣ ጭብ፣ እንቛቑሖ።

1. ንወላድኩም ኣብ ጽቡቅ ብርሃን ዘልዎ ኮንኩም መርምርዎ።
2. ቅድሚነቲ ጸጉሪ ምምርማርኩም ርእሲ ከይሓዝኩም ቁማል ይራኣዩ እንተልዮም ጥራይ ተዓዘቡ። ምኽንያቱ ነቲ ርእሲ እንተዳ ሐዝኩሞ እቶም ቁማል ክሕባኡ ስለዝኽእሉ።
3. ድሕሪ ምሕጻብ ጸጉሪ ብብዝሒሳመና የዕፋርኩም ብማዛርገፍ እንዳፈተግኩም ክሳብ ጫፉ መሽጥዎ።
4. ነቲ ማዛርገፍ ድሕሪ ምምሻጥኩም ብናይ ምሽሽኒ ወረቐት ድረዝዎ።
5. ጭብ ኣብ ጸጉርና ጥብቅ ስልዝብሉ ብናይ ኢድና ጽፍሪ ጌርና ክንፈልዮም ንኽእል።ኣጉሊሑ ዘርኢ ማስትያት ንቁማል ወይ ድማ ጭብ መድዩ ይሕግዘና።
6. ኣብ መወዳእታ ጽቡቅ ጌርና ንሕጸቦ።
7. ኩሉዚዜ ብምኣኡ ርእስና ንከታተሎ።

## ማምርሒ ምዝርጋፍን ኣገባብ ኣጠቃቕማ

| መዓስ መዓልታት/ | ብከመይ |
|---|---|
| 1 .መዓልቲ | ሀ. እንተድኣ ቁማል ርእሲ፣ እንቛቑሖ ወይ ጭብ ኣለወና,ንቁማል ብፈውሲ ተጠቂምና ብማዛርገፍ ነወጸኦም, ነቶም ጭብ ድማ ብኢድና ነወጸኦም።<br>ለ. እንተድኣ እቶም ቁማል፣ ኣንቛቁሖ፣ ጭብ ዘይጠፉኦም, ከነቛርጾ የብልናን ።እንደገና ድሕሪ 7 መዓልቲ ኣብ ሀ ተጠቒሱ ዘሎ ኣጠቃቅማ ንደግሞ። |
| 3 .መዓልቲ | ሀ. ቁማል ስጋብ ዘለውጊዜ ደጋጊምና ብማዛርገፍ ምቁጽጻር ።ጭብ እንተድኣ ኣልዮም ድማ ብኢድና ምቅንጣብ። |
| 7 .መዓልቲ | ሀ. ኣጠቃቅማ ናይ ቀዳመይቲ መዓልቲ ንደግሞ።<br>ለ. ብማዛርገፍ ንቆጻጸሮ። |
| 10.መዓልቲ | ሀ +ለ ብማዛርገፍ ንቆጻጸሮ |
| 14.መዕልቲ | -እንተድኣ ዘይጠፍኡ ወይ ሓደስቲ ቁማል እንተተፈጢሮም ከም ብሓድሽ ማስርሕ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሀን. ለን. ንደግሞ።<br>-እንተድኣ ቁማል ርእሲ ፣ እንቋቁሖ ፣ ወይ ጭብ ኣልዮም ወይ ጠፊኦም እቲ ኣገባብ ተወዲኡ ወይ ተዓጽዩ ማለት ኢዩ። |

| | |
|---|---|
| **21.ሰሙነ** | ብምኽንያት ሓድሽ ናይ ምምሕልላፍ ተኽእሎ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ብቀጻሊ ብማዘርገፍ ሓደ ጊዜ ኣብ ሰሙን ምቁጽጻር ይግበር። |
| **28. ሰሙነ** | መስርሕ ማብል 21. ሰሙነ ንደግሙ። |

እንተድኣ እቲ ቆልዓ ድሕሪ ዳግማይ ምቁጽጻር ቁማል ወይ ጭቡ ኣለዎ ብማዲቲ ናይ ቁማል ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል ምስ ናይቲ ቤትምህርቲ ሓኪም ብምዝርራብ ትምህቲ ከይመጽእ ይኽልከል ። ስጋብ ካብ ቁማልን ጭብን ነጻ ዝኾውን ናብ ቤት ትምህርቲ ምምጽእ ይኽልከል።

## ኣገዳሲ ሓበሬታ

- እንተድኣ ቁማል ሪኢኹም ሙታን ናብ ካልእ ከይመሓላለፍ ብቁልጡፍ ንቤት ትምህርትኹን ። ወይ መወዓሊ ቤት ትምህርቲ ወይ የዕርኹቱኹም (መሓዝትኩም) ወዘተ, ሓብሩ።
- ካብ ፋርማቻ ወይ Drogerie ናይ ቁማል መከላኸሊ ንኣብነት ከም (z.B. Rausch,Laus-Stop,Lies-Ex,Hedrin,Pedicul,Hermal). ዝኣማስሉ ትዕድጉ። ምስቶም እፋወስ ዝመጽእ ማምርሒ ተጠቐሙ። ከሚከላዊ ነገራት ናይ ሓሳኹዓይነት ስለ ዝሕዙ ኣይኾዱኡን ኢዮም። ቀጺሎም ተቃዋሚሓይሊ ስለ ዘሞብሉ ነቶም ቁማል ኣይቀትሎምን ኢዩ ።
- ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ንስድራቤትን መወዓሊ ሕጻናትን ካን ቁማልን ጭብን ምቁጽጻር ይግበር።
- ማዘርገፍን ማሳርሒመጽረይ ጸጉሪን ብሳምና ኣብ ወዑይ ማይ ን 15 ደቃይቅ ኣሊኽና ነጽርዮ።
- ቀጥታ ምስቶም ብቁማል ተለኸፎም ዝነበሩ ርክብ ዝነበሮም መሳሪሒታት ካብ 40-60 ዲግሪ ወዑይ ማይ ጌርካ ምሕጻብ ወይ ድማን7 ሰሙነ ዝኣክል ብጽቡቕ ክዕጾ ዝኽእል ፕላስቲክ ዓሺግካ ከይተጠቀምካ ምቕማጥ።
- ክዳውንቲ፣ ናይ ሳሎን መንዝጎዚ ፣ ኣንሶላ ኣብታ ንምርመራላ ሰሙነቲን ድሕሪ 7 ሰሙነትን ከነጽርዮ ይግባኣና። ኣንደገና ድሕሪ 14 ሰሙነቲ ነጽርዮ።
- ነዊሕ ጸጉሪ እንተድኣ ኣልዩና ጥርንፍ ኣቢልና ንኣስሮ ። ሙታን ምስ ናይ ካልእ ሰብ ጸጉሪ ብቀጥታ ከይላገብ ንምክልኻል ።
- ናይ ብሽክለታ ቆቢዕን፣ መሻፈኒ ርእሲ፣ ናይ ጸጉሪ መትሓዝን ዑንቅን ምስ ካልኦት ክንቀያየር የብልናን።

ሕቶ እንተለኩም ምስ ን Frau Regula Heubach-Traxler([regula.heubach@bluewin.ch](mailto:regula.heubach@bluewin.ch)) በዓልቲ ሞያ ብዛዕባ ቁማል ኣብ ከተማቱን ተወከሱ ።